# ብሓባር ንመክት...............

*ብጴጥሮስ ተኽሉ (ሓላዪ)* 04/06/2010

ብሩር ብሓዊ ከም ዝኹላዕ
ወርቂ ብሓዊ ከም ዝፍተን
ጉልቡብ ኩሉ ይቀላዕ
ብግሉጽነት ይተንተን፤
ስዉር ስቱር ሚስጢር
ቄናንዩ ፍርዱ ስጊንጢር
ቃልዕ ብሩህ ግና
ዕግበትዩ ንኹልና፤

ጽንዒ ቀጣን ፈትሊ ግና ዘይትብተኽ
ብዙሕ ፈታቲኖማስ ኣቢላቶም ተኸኽ
ፍትሒ ተኾልኩላ እምነት እንተጎቢዛ
ብሓጎስ ኢያ ትነብር ተስፋ ተጎዝጉዛ
ጸላማት ተቐንጢጡ ኮነ ባና ብርሃን
ተሰጋጊርና ኢና ካብ ሕማቕ ናብ ድሓን
ሙሉእ ብርሃን መታን ክኾነልና
ብሓባር ንመክት ስምረት ምርኩስ ጌርና።

ነብሱ ዘይኣምን ምናልባት ቅናቱ
ባዕላያ ትፍታሕ ስንኩፍቲ እምነቱ
ሓቒ ከም ፈሳሲ ጸቕጢ ትጻወርያ
መምሎቒ ኣይትስእንን ከም ድላያ ሓርያ፤
ሓቒ ዝኣመነ ኩሉዩ ዝሰዕቦ
ዘብዘብ እንዳበለ ይጎዩ ከርክቦ፡
እምነቱ ዘጉደለ ፍትሒ ዝቐበረ
ኣብ ጽበትዩ ዝነብር ከምዝተቐርቐረ፤
ጽንዓት ዝወነነ እምነቱ ዘትረረ
ንበይኑ ተሪፉ ሕማቑ ክውረ
ዝቕይሮ የብሉን ንሓቐኛ መንገዱ
ዘንድዶውን ኣይኮነን ሓዊ ተኣጉዱ፡